# ”ምልኽነትን ሳዕቤናቱን ንዕዘቦዶ አሎና?!!”

አብ ሀገርና ኤርትራ ሳዕሪሩ ዘሎ፤ናይ ውልቀመላኺ ዕንደራ ምስ ውሑዳት ጃንዳኡን፤ነቲ መሪርን ነዊሕን ካብ ሻቡዓይ ክፍለ-ዘመን ዝመጸ ሓርጎጽጎጽ ናይ ሕዝብና ቃልሲ ሕጂ ንድሕሪት ምልስ ኢልና እንክንርእዮ ከሎና፤ እዚ ሎሚ ኣብ ክልል ኤርትራ ዝርከብ ሕዝቢ፤ ምስ ዝተፈላለዩ ወረርቲ ኃይልታት እናወደቀን እናተንስኤን ክሳብ መወዳእታ ካልአይ ውግእ ዓለም ዝነበረ ንጸሓፍቲ ታሪኽ ሓዲግና ኣብዚ ዘሎናዮ ጊዜ አብጻሕናዮ። ካብ 1941 ዘበነ ዓደየ ዓደይ ብዛዕባ ኣብዝሐ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝአምንን ዝሰርሓሉን ዝነበረ፤ኣብ አፍሪቃ ምዕቡል ዝኾነ አረአእያ ዝውንን ዝነበረ ሕዝቢ ኤርትራ፤ብንግስነት ዓዲ እንግሊዝ፤ ኤርትራ ከም ሶማልን ሊብያን ነጻ ኣብ ክንዲ ምኻን ብውዲት አብ ትሕቲ ፈደራላዊ ጽላል እንግሊዝ ጽንሑ ኢሎም፤ኣብ ትሕቲ ድሕርትን መስፍናዊትን ኢትዮጵያ ከም ትቑረን ገብሩ።

ኢትዮጵያ ከአ ብግዴአ ነቲ ዝነበረ ውዑል ጥሒሳ ንናይ ኤርትራ ፓርላማ አፍሪሳን፤ ንኤርትራ ከም ሓንቲ አካል ናይ ኢትዮጵያ ምስ ቈጸረታን፤እቶም ሰብ ኒሕን ንያትን ኣቦታትና ብስም ማኅበር ሸውዓተ ብውሑድ ዓቕሚ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕን መስሪቶም ይንቀሳቀሱ ከም ዝነብሩ ካብ ጽሓይ ቀትሪ ዝደምቐ ሓቂ ኢዩ። እዚ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕዚ ዝሰዓቦ፤ብወርሒ መስከረም 1961 ዓ.ም.ፈ (1953 ዓ.ም ግዕዝ) ብክቡር አቦና መሓመድ ኢድሪስ ዓዋተ ምስ ሻቡዓይ ርእሶም ኣብ ጎቦታት አዳል ደይቦም እታ ናይ መጀመርያ መቃልሕ ንነጻነት ተቓልሐ ጥይቶም ተኰሱ።

ድሕሪዚ ኲሉ ብዓል ኒሕን ያታን ዝኾነ ዜጋ ናብ ሜዳ ኤርትራ ክውሕዝ ጀመረ። ድሕሪ መሪር ናይ ሣላሳ ዓመታት ቃልሲ አንጻር ዝተፈላለዩ ንዝደጋገፉ ኃይልታትን አላሽ አቢሉ ብ24 ግንቦት 1991 ናይ ናጽነት ሽግ ወለዔ። ሕዝቢ ኤርትራ ነቲ ናይ ዘበናት ቃልሲ ጋህዲ ገበሮ። እዚ ኲሉ ሓርጎጽጎጽ ናይ አሽሓት ስዉአትን ስንኩላትን ምብትታን ሥድራቤታትን ዝመጸ ዓወት ሕዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ተጠቓሚ ረብሓኡ ዝኸውን ብዘይተጸበዮ አገባብ ኣብ ኢድ ውልቀ መላኺ ወዲቑ ኣብ ሓዲሽ ንሰማዒኡ እኳ ዘስካሕክሕ ናይ ሕማቕ ሕማቕ ወዲቑ ኣብ ዝርከበሉ ዘሎ እዋን ንርከብ።

ሎሚ ንኤርትራ ዝመርሕ ዘሎ ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ. ካብ ሕዝብን ሀገርን ካብ ሓባራዊ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓን ድፕሎማሲያዊ ዝምድናን ርሒቑ፤ካብ እምነትን ሓልዮትን ሕዝብን ሀገርን ኤርትራ ኣጉዲሉ ጥራይ ዘይኾነ መዔቀንን መምዘንን ኣብ ዘይርከቦ፤ህሞት፤ ኣብ ልዕ ሊ ባህልን ያታን፤ኣብ ልዕሊ ሕግን ቅዋም ዓደቦን፤ኣብ ልዕሊ እምነታትን መራሕቱን፤ ኣብ ልዕሊ ለባማትን ዓበይትን፤ኣብ ልዕሊ ምምሕዳርን አከያይዳ ዓድታትን ወረዳታትን፤ ብዝያዳ ከአ ኣብ ልዕሊ መንእሰያትን ትምህርትን፤ ኣብ ልዕሊ ምዕብልናን ሓበሬታን፤ ኣብ ልዕሊ ንግድን ማሕረስን መጓሰን፤ ብሓለፋኡ ከአ ኣብ ልዕሊ ደቅናን አዴታትናን ዝግበር ዓመጻትን እናፈጸመ ጸረ ሀገርን ሕዝብን ጥልመትን ገበንን ዝፍጽም ዘሎ ጃንዳ ምኻኑ፤ ንኹሉ ሕልናን አስተብህሎን ንዘለዎም ዜጋታት ዝርድኦ ንጹር ሓቂ ኢዩ፡፡ እዚ ከምዚ ዝበለ ጃንዳ እምበኣር ተኣላዩ ምልካዊ ጃንዳ ኢዩ፡፡ ነዚ ከአ ኢያቶም ወለድና ሥርዓት ይነብር ተተኺሉ ዝውዲ ይነብር ተዛዊሩ ዝበልዎ። ምስ ጃንዳ ህግድፍ ዝግበር ቁጠባዊ ምትእትታውን ዝምድናን ዝገበሩ ዜጋታት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ደገፍቲ ምልክነትን ናይ ኣብ ልዕሊ ሕዝብን ዝፍጸም ገበንን ግፍዕን ተሓተቲ ኼይኖም ንጭቆና ዘጋማድሑ ናይ ምልካውያን መጋበሪ ኢዮም።

እዚ ዘለናዮ እዋን ክንመዝኖ እንከሎናውን <u>አብ ጥቅሚ ኤርትራን ሕዝባን ዘይውዕል</u>፤ፍጻሜታት ዝበዝሖ ዕዳጋን ትሕዝቶኡን፤ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ሳዕቤናቱን ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ብናህሪ ዝሕንበበሉ ዘሎ ወሳኒ መድረኽ ኢና ዘሎና። ተጠንቂቕካ ሓዲ"ኡ ክግበር ከም ዝግብኦ ዝሕብር ኣመታትን ምልክታታትን ኣብ ፈቐዲኡ ብልጭ ብልጭ ክብል ይርእ ኣሎ፡፡ ነዚ ኣብ ሊዕሊ ሕዝቢ ኤርትራ ኣንጠልጢሉ ዘሎ ሓደጋ ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ክፈትሕልካ ምጽባይ ከኣ ሕልሚ ደርሆ ኼይኑ ንባዕሉ መራሒ ጃንዳ ህግድፍ ኣብ ሸቀልቀል ኣትዩ፤ ሽግሩ በርቲዕዎ መሕቢኢኡ አብ ዝናድየሉ ዘሎ ግዜ ኢና እንርከብ ዘሎን።መራሕ ጃንዳ ህግደፍ ናብ መገበኣያ ሕጊዓለም ተወጢጡ ዝቐርበሉ ግዜውን ርሑቕ ከም ዘይኮነ ኲሉ ዜጋ ክፈልጦ ይግባእ።

እምበኣር ጉጅለ ህግድፍ ብውሱናት ውልቀሰባት ተሃንዲሱ፡ ንመጻንሒ ኣብ ሥልጣን ዝሰርሕ ትካል ስለ ዝኾነ፤ ስቓይ ሕዝቢ ኤርትራ ብዕጽፍታት ወሲኹ ኣሎ። ብሓጺሩ ትካል ህግድፍ ምልካዊ ጃንዳ ምዃኑ ብሓጺሩ በሪሁ ኣሎ። እዚ ማለት ንኤርትራ ዘይውክል ጉጅላዊ ትካል ኢዩ።

ኣብዚ ሓደገይና እዋን ንዜጋታት ምድንጋር ዝተፋላለዩ መደባት ወጺኡ ይርከብ። ብሓጽሩ ንምጥቃስ ዝኣክል፤ንሱ ከአ መደብ ናይ ገንዘብ ምእካብ ፕሮጀክትታት ኼይኑ ፡ሽፋናዊ ኣጸዋውዓኡ ከአ፤-

- ሕዝባዊ መኸተ ንልምዓትን
- መደብ ፈስቲቫልን ተባሂሉ ከአ ይፈላለ።

እዚ መደብዚ ንህልውናኡን ንሕዝቢ ጅሆ ምሓዙ ዘረጋግጸሉን ንኣባላቱን ተደናገጽትን ዝቒጻጸረሉ ንመቐሸሺ ወይ ንምድንጋር ዝጥቀመሉ ፕሮፖጋንዳዊ ፈስትቫል ኢዩ። አየ! ፈስትቫል ዝተገብረ እናበለ ብተለቪጅን ብሬድዮን ወዘተ ኣፉ መሊኡ ዝዛረበሉን ዝጃህረሉን ኢዩ። ደቂ ገርሂ ልባ ክአ ብኮንቱ ተስፋን መብጸዓን ተደናጊርዎም፡ ኣሎናልካ ዝብሉ ናይ መንነት ቅልውላው ዘለዎም ውልቀሰባት የለውን ኣይንብልን። ፈስትቫል ኣብ ዝተፋላለያ ሀገራት ዝግበር ዕላማኡ ስሒቱ፡ናይ ፕሮፖጋንዳ ተልእኮ ጥራይ ኮይኑ፡ዓብላሊ በሓቲ ጠባይ ዝውንን፡ ዘይማኅበራዊ ወይ ዘይሕዝባዊ ስለ ዝኾነ ክኹነን ዘለዎ ምልካዊ መደብ ዕዮ ኢዩ።

ንሕና እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ክንብል እንከሎና ጸረ ፈስትቫል ኼንና ዘይኮነስ፡ እንታይ ድኣ ፈስትቫል ትርጉም ዘለዎ ሓደ ናይ ኩሉ ሕዝቢ ዝጥርንፍ፡ ሓቓፊ ባህልን ኤርትራውነት ዘረጋግጽ ክኸውን ኣለዎ በሃልቲ ኢና።ተፋላሊኻ ዝግበር ፈስትቫል ትርጉም ዘይብሉ ዘራጊ ሀገርነት ኢዩ። ስለዚ ሃናጺ ንሓድነት ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ዘረጋግጽ ፈስትቫል ግን ደገፍቱን ተሳተፍቱን እውን ኢና፤እዚ ከአ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ኤርትራ ተንጠልጢሉ ዘሎ ሽግር ንምፍታሑ ብሰፊሕ ሀገራዊ ባይታ ዝስፋሕፍሐሉ ብምግባር ንኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ በብእምነቱን አረአእያኡን ዝሓቁፍ ባይታ ንምምሥራት ዘብቅዕ ሓባራዊ ቃልሲ ክነካይድ ይግባእ ብማለት ኝኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብኽብሪ ንዕድሞ።

ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና

ራህዋን ቅሳነትን ንሕዝቢ ኤርትራ

ብኤርትራዊ ማኅበር ተጣባቒ ሰብአዊ መሰል ሽቱትጋርት ሀገር ጀርመን
12.07.2008